ሓዲሽ ሓበረታ ብዛዕባ ኮሮና

# CORONA

TIGRINJA
ቁጽሪ 27
የካቲት 2021

## ነዚ ለበዳ ንምጥፋእ ንድኳናት ንሓግዞም!

**መግቢ ክትገዝእ ከለኻ ርሕቀትካ ትሕሉ'ዶ? ስድራኻ ኣብ ኣፍደገ ድኳን ትገድፎም'ዶ? ምልክታት ሕማም ክህልወካ ከሎ ገዛ'ዶ ትጸንሕ? ግርም! ሽዑ እምበኣር ንስኻ ሓላፍነት ትስከም ዓሚል ኢኻ።**

መንግስቲ ኩሉ ግዜ እዚ ለበዳ ዝላበዓሉ ቦታታት ኣብ ምርካብ ይሰርሕ ኣሎ። ብድሕሪኡ  ነዞም ሓደጋታታት ንምጉዳል ኣብዞም ቦታታት ቀይድታት ይገብር። ኣብዞም ሓደሽቲ ግዝያውን  ናይ ለበዳ ሕግታት ንድኳናትን ቤተመሽጣታትን ዝምልከት ሕግታት ኣሎ።

ኩሎም ድኳናት ዝውንኑ ብዝከኣሎም መጠን ንሰራሕተኛታትን ዓማዊልን ውሑስ ክገብሩ ናይ ግድን'ዩ። እቲ ኣብ ድኳን ዝዕድግ እውን ሓላፍነት ናይ ግድን ክወስድ ኣለዎ።

**ምኽሪ: ኣብ ድኳናት ብኸምዚ ሓላፍነትት ትወስድ:**

- ምልክታት ናይ ኮቪድ-19 (ኮሮና) ክንተ ኣለካ ፈጺምካ ኣይትዓድግ
- ብዙሓት ዓማዊል ኣብ ዘይብሉ ግዜ ዓድግ
- በይንኻ ዓድግ ።( ኣብ ብዙሓት ድኳናት ኣይትእቶ)
- ሰራሕተኛታት ጽቕጥቅጥ ኣሎ እንተ ኢሎሙኻ ኣብ ኣፍደገ ዱኳን ተጸበ
- ሕግታት ድኳናት ተኸተል
- ፈጺምካ ኣይትጨቓጨቕ - ኣስታት ክልተ ሜትሮ ርሕቀት ምስ ካልእ ዓሚል
- ሓደ ሰብ ኣመና እንተቐሪቡካ ወይ ደሓር ወይ ርሓቐሉ
- ናይ ኢድ ኣልኮል ተጠቐም ወይ ብሳምናን ማይን ኢድካ ተሓጸብ

**ተረርቲ ሕግታት ኣብ ኣውራጃዊ ባይቶ  ድኳናት ዝቈጻጸርሉ ግዜ**

ኣብዚ ካብ ዕለት 10 ጥሪ ጀሚሩ ኣብ ግብሪ ዝወዓለ ሓዱሽ ሕጊ ድኳናት ነዞም ዝጸደቑ ሕግታት ናይ ግድን ክሕልዋ ኣለወን ይብል።  እዞም ሕግታት ይሰዓቡ ከምዘለው ርግጸኛ ንምግባር መንግስቲ ንኣውራጃዊ ባይቶታት ድኳናት ንኽሕብሩን ንኽቈጻጸሩን ዕማም ሂቡ። ኣብ ኣውራጃ ካልማር ኦሳ ኣክስሄደን ሓላፊ ናይ'ዚ ስራሕ እዩ።

" ሕግታት ይሰዓቡ ከም ዘለው ንምርግጋጽ ብዝተኻእለና መጠን ብዙሓት ድኳናት ክንበጽሕ ኢና። እንታይ ክግበር ከም ዘለዎ ምኽርታት ክንህብን ክስዕብዎም ከምዘለዎም ከኣ ክንነግሮምን ኢና። ምስ ተመለስና ጌጋታቶም ከይኣረሙ እንተጸኒሖም ገንዘባዊ መቕጻዕቲ ክወሃቡ ይኽእሉ": ትብል ንሳ።

ብተወሳኺ እውን ንዓደግቲ ቅኑዕ መታን ክኸውን ሰራሕተኛታት ንኹሉ ነገር ቀሊል ክገብርዎ ኣገዳሲ'ዩ።

**ኩሎም ድኳናት ናይ ግድን ከምዚ ክገብሩ ኣለዎም:**

- ኣብ ሓደ ዱኳን ክንደይ ሰባት ብሓደ ክህልው ኣለዎም ዓቅኖን ገምቶን: ( ከብሕታትን ኩሉ ካልእ ንብረትን ብምእላይ ሓደ ሰብ ኣብ ዓሰርተ ትርብዒት ሜትሮ)
- ኣብ ውሽጢ ኣብ ሓደ ግዜ ክንደይ ሰባት ክህልው ኣለዎም ዝሕብር ታቤላ ኣብ ኣፍደገ ኣንብር
- ዝያዳ ሰባት ከይኣትዉ ተኸታተል
- ናብ ዱኳን ክኣትዉን ክወጹን ከለዉ ክጨቓጨቑ ከምዘይብሎም ተኸታተል
- ናይ ኢድ ኣልኮል ወይ ሳምናን ማይን ንዓማዊል ቀርብ
- ሕግታት ይሰዓቡ ከምዘለው ተኸታተል
- ንዓማዊል ለበዳ ብኸመይ ክቕንስ ከም ዝኽእል ሓብር
- ንሕግታት ኮቪድ-19 (ኮሮና) ዝምልከት ሓበሬታ ተኸታተል
- ኩሉ ዝተገብረ ነገር መዝግብ

ሓዲሽ ሓበረታ ብዛዕባ ኮሮና

# CORONA

TIGRINJA

ቁጽሪ 27

የካቲት 2021

**እዚ ሓዱሽ ሕጊ.....**

" ሕጊ ( 2021:4) ፍሉያት ቀይድታት ብዛዕባ ምክልኻል ምስፍሕፋሕ ሕማም ኮቪድ-19 " ።

ኣብኡ ነዚ ለበዳ ንምድራት እንታይ ክግበር ከምዘለዎ ሰፊሩ'ሎ። እዚ ሕግታት ክንጥቀመሉ እንተኾይና ንኡስ ሕግታት እውን ክጸሓፍ ኣለዎ። እዚኦም ሰብ ንሕጊ ከመይ ጌይሩ ክርድኦ ኣለዎ ዝምልከት ኣዕሚቑም ይዛረቡ።

ንዱኳናት ዝምልከት ንኡስ ሕግታት HSLF-FS 2021-2 ይበሃል።

**ተወሳኺ: ሎሚ ክታበት ብሃንቆውታ ንጽበ'ለና.....**
ኣብ ሓጺር ግዜ ኩሎም ልዕሊ 70 ዝዕሚኦም ክታበት ናይ ኮቪድ-19 (ኮሮና) ዝወሃብሉ ግዜ እዩ። ናብ ኩሎም 1951 ቅድሚኡን ዝተወልዱ ደብዳቤ ክልኣኽ እዩ። እቲ ደብዳቤ ብቛንቛ ሽወደን እዩ። ኣብኡ ክታበት ብኸመይ ከም ዝካየድ ሰፊሩ'ሎ። እቲ ዝበለጸ ሰብ ኣብ 1177.se ቆጸራ ክትሕዝ'ዩ: ናብ ሕክምና እውን ክድወል ይከኣል። ሰብ ቀዳማይ ዙርያ ክታበት ምስ ወሰደ ብቐጥታ ካልኣይ ንውሳድ ሓዱሽ ቆጸራ ይወሃብ።

ናይ ኮሮና ክታበት ክትክተብ ኩሉ ግዜ ብነጻ'ዩ።

Krissamverkan Kalmar län

**ናይ ሓበሬታ ጽሑፍ ኣኣብ ክልተ ሰሙን**
እዚ ናይ ሓበሬታ ጽሑፍ ካብ ጉጅለ ምትሕብባር ቅልውላው ኣውራጃ ካልማር ይመጽእ። ጉጅለ ምትሕብባር ቅልውላው ኣውራጃ ካልማር ምትሕብባር ናይ ኩሎም ኮሙናት ናይዚ ኣውራጃ: ዞባ ካልማር: ባይቶ ኣውራጃ ካልማርን ካልኦት ኩሎም ሰበስልጣናት ናይዚ ኣውራጃን እዩ። ኣብ ግዜ ቅልውላው ናይዚ ሕብረተሰብ ብሓባር ንውስንን ነንሕድሕድና ንተሓጋገዝን።

facebook.com/krissamverkan.kalmar

VÄSTERVIKS KOMMUN